# ወንጌል ማቴዎስ

ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ማ. ን. ኣ. ካፑችን ካብዝተደርሰ
"ትምህርቲ ቅሱስ መጽሓፍ - ፬ይ መጽሓፍ"
(ጽሑፋት ወንጌላውያን) ዝተወደ።

ኣብ መጽናዕቲ ቅ. መጽሓፍ፡ ሓፈሻዊ መባእታ ንጊዜኡ ኣብዚ ኣቋሪጽና ናብ ዕሙቕ ዝበለ ትምህርቲ ቅ. መጽሓፍ ክንሓልፍ። ብዛዕባ ሓዲስ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና ሓድሓደ ነጥቢታት ርኢና፡ ሕጂ ድማ ናብ ወንጌል ማቴዎስ ክንሓልፍ። ብሓፈሻዊ መባእታ ወንጌል ማቴዎስ ክንጀምር እሞ፡ ቀስ ኢልና ናብቶም ካልኦት መጽሓፍቲ ሓዲስ ኪዳን ክንሳገር ኢና። እዚ ክፍሊ እዚ ካብቲ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ዝጸሓፍዎ መጽሓፍ ክንወስዶ። እዚ መባእታ ኣብ ፬ ንኡሳት ኣርእስቲ ከፊሎምዎ ኣለዉ። ንሱ ከኣ እዚ ዚስዕብ ኢዩ፡




፩. - ሕይወት ቅ. ማቴዎስ ወንጌላዊ
፪. - ማቴዎስ ወንጌል ከምዚጸሓፈ
፫. - ትሕዝቶ ወንጌል ማቴዎስ
፬. - ትምህርትን ዕላማን ወንጌል ማቴዎስ

ንሎሚ እቲ ቀዳማይ ክልተ ክፋላት ክንርኢ ኢና፡ ኣብ ዚስዕብ ሰሙን ድማ እቲ ቀጻሊ ክልተ ክፋላት ክነጽንዮ ኢና።

## ፩. - ሕይወት ቅ. ማቴዎስ ወንጌላዊ

ማቴዎስ ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ ዕብራይስጢ እዩ፡ ትርጉሙ ከአ "ሕያብ እግዚኣብሔር" ማለት ኢዩ። ማቴዎስ ወዲ እልፍዮስ፡ ቅድሚ ጸዋዕትኡ ቀረጽ ዜኽፍል ሠራሕተይና

መንግስቲ ሮማ ኢዩ ነይሩ። ስሙ ቅድም ሌዊ ተጋዊ - ማለት ሌዊ ቀረጽ ኣኽፋሊ - ከምዝነበረ ማር-(2፡ 14 -17)፡ ሉቃ-(5፡ 27 - 32) ይገልጹልና። ኣብ ቅፍርናሆም እንከሎ ብኢየሱስ ስለተሓረየ ኣብኡ ይቕመጥ ነበረ ኪበሃል ይከኣል። ንኢየሱስ ኣብ መጨረሻ ሕይወቱ እዩ ዝሰዓቦ። ኣብ ጌተሰማንን ሰንበት ፋሲካን ምስ ኢየሱስ ከምዝረኣዮን፡ ክርክር ኢየሱስን ኣይሁድን ከምዝሰምየን፡ ኣብ ርእሲኡ'ውን ወንጌል ኬበስር ብኢየሱስ ከምዝተላኣኸን ንፈልጥ። ብዝተረፈ ቀሌመንጦስ ከምዚብሎ ን፲፩ ዓመት ኣብ ፍልስጤም ሰበኸ። ካልኦት ሊቃውንቲ ብዚብልዎ ከኣ ኣብ ዓዲ ዓረብን ህንድን ወንጌል ድሕሪ ምብሳሩ፡ ብሰማዕትነት ኣብ "ኢትዮጵያ" ሞተ።

## ሊቃውንቲ ዓዲና ከምዚብልዎ እነተርደኣ ኮይኑ

"ወማቴዎስኒ ዘእምአይሁድ ብዙኃነ አእመነ --- ወለማቴዎስ ስሙ ሌዊ ወትርጓሜሁ ኀሩይ፡ ወውእቱ እምነገደ ይሳገር ዘእምሀገረ ናዝሬት፡ ስመ አቡሁ ዲቁ፡ ውስመ እሙ ካሩትያስ። ወሶበ ተጋብኡ ኀቤኡ ጉባኤ ብዙኀ እም ኣይሁድ ዘጸወያሙ ወእሉኒ ኣምኑ ወተጠምቁ ወኀሠሡ እምኔሁ ከመ ያስተጻንዕ ኣልባቢሆሙ ዘአእመኖሙ ቦቱ በቃል ወበመጽሐፍ ዘዜነዎሙ በልሳነ ዕብራይስጥ ወተሰጥወ ስእለቶሙ፡ ወወጠነ ጽሒፈ ዝንቱ መጽሐፍ በፍልስጤም ወፈጸማ ብህንድ ዕብራይስጣዊ፡ አመ ተሰዱ አርድእት እምድረ ይሁድ በቀዳማዊ ዓመት ለመንግሥት ኣቅሎንድዮስ ቄሣር፡ ወይእቲ በራብዕት ዓመት እምዓመተ ዕርገት ቅድስት፡ ወኮነ ስምዓ በሀገረ ብስባሬ ውጉር በእብን አመ ፲፪ ለጥቅምት፡ ወተቀበረ ብቅርጣግና ዘቄሣሪያ"።

ማቴዎስ ብዙሓት ካብ ኣይሁድ ኣእመነ ... ሽሙ "ሌዊ"፡ ትርጉሙ ከኣ "ሕሩይ" ማለት ኢዩ - ካብ ነገደ ይሻገር፡ ዓዱ ናዝሬት፡ ኢዩ ነይሩ - ስም ኣቦኡ ዲዙ፡ ኣዲኡ ከኣ ካሩትያስ። ብዙሓት ዝተጸውዑ ኣይሁድ ናብኡ ምስተኣከቡ፡ እሞ ምስኣመኑን ምስተ ጠምቁን፡ ኬጸናንዖም ከኣ ምስ ሓተትዎ፡ ብቃልን ብጽሑፍን - ብቋንቋ ዕብራ ይስጢ - ከም ልመናኦም ገበረሎም። ነዚ መጽሓፍ እዚ ብቋንቋ ፍልስጤም ኪጽሕፍ ጀመረ ኣብ ዓዲ ህንዲ ድማ መለኣሉ። ኣይሁዳውያን ካብ ዓዶም ኣብ ቀዳማይ ዓመት ንጉሥ ኣቅሎንድዮስ፡ ማለት ዓርባዕተ ዓመት ድሕሪ ዕርገት ኢየሱስ - ኣብ ብስባሬ ዚባሃል ዓዲ ከኣ ብዳርባ እምኒ ብዕለት ፲፪ ጥቅምቲ፡ ኣብ ቅርጣግና ዘቄሣርያ ተቐብረ።

## ኣብ ናይ ፲፪ ጥቅምቲ መጽሓፈ ስንክሳር 'ውን ከምዚ ዚብል ነንብብ፡

ወንጌል ማቴዎስ ሐዋርያ ወሰማዕት ዘእም ፲፪ ሐዋርያት፡ ወእምድሕረዝ ሰበከ ውስተ አህጉረ ካህናት ወሜጦሙ ውስተ ኣእምሮ እግዚአብሔር፡ ወውእቱኬ ሶበ ፈቀደ ይባእ ሀገረ ካህናት ወረከበ አሐዱ ወሬዛ ወይቤሎ "አንተሰ ኢትክል ትባእ ውስተ ዛቲ ሀገረ ዘእንበለ ትላጺ ስእርተ ርእሰከ ወጺሕመከ ወትነስእ በእዴከ ሆሳእና" ወገብረ በከመ አዘዘ ውእቱ ወሬዛ ቀዳሚ ዘተናገሮ ወኣጽኖ ወናዘዞ ወተሰወረ እምኔሁ፡ ወሶበ ቦአ ቅ.ማቴዎስ ውስተ ይእቲ ሀገረ ወኣስተርአየ ሎሙ ከመ አሓዱ እም ካህናት ወተናገረ ምስሌሁ በእንተ አማልክት ወአጠየቀ ቅ.ማቴዎስ ከመ እሙንቱ አማልክት ኢኮኑ ወገብረ በቅድሜሁ ተኣምራተ ወመንክራተ ወሠረቀ ላዕሌሆሙ ብርሃን ወወረደ ኀቤሆሙ ማእድ እምሰማይ ወሶበ ርእየ ኣርሜስ ካህን ዘንተ ነገረ ይቤሎ ለቅ.ማቴዎስ " መኑ ውእቱ ስሙ ለአምላክከ" ወይቤሎ " ስሙስ ለአምላኪየ ክርስቶስ ውእቱ" ወሶቤሃ አርሜስ ካህን አምነ ብክርስቶስ ወብዙሐን ሕዝብ አምኑ ምስሌሁ፡ ወሶበ ሰምዓ ንጉሠ ሀገር ዘንተ ነገረ አዘዘ ያውዕይዎ በእሳተ ወበአእቱ ጊዜ ሞተ ወልዶ ለንጉሥ ወሰአሎ ቅ.ማቴዎስ ለእግዚኢነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወአንሥኦ ለወልደ ንጉሥ እሞት፡ ወሶቤሃ አምነ ንጉሥ ወኵሎሙ ሰብአ ህጉር ኣምኑ ወሶቤሃ ሴመሎሙ ኤጲስ ቆጶሳ ወካህናት ወሐነፀ ሎሙ ቤተክርስትያን ወወጽእ ኀበ ሀገረ እለ ኣፍኣ ወሜጦሙ ወአግቦሙ ውስተ ኣእምሮ እግዚኣብሔር፡ዝንቱ ቅ-ሖረ ኀበ ሀገረ ብፁዓን ወረአዮ ለእግዚእነ ይመጽእ ኀቤሆሙ ኵሎ ጊዜ ወምስሌሁ ነፍሳተ ሕፃናት ውኁልቆሙ ኣሰርቱ እልፍ ወአርባዕቱ እልፍ ወአርባዓ ሚእቲ ወኵሎ አሚረ ይመጽእ ለለበዓል ኀቤሆሙ ኢ-ክርስቶስ ወምስሌሁ መላእክቲሁ ወእሙንቱ ብፁዓን ኣውያን ዘሖረ ኀቤሆሙ ዘሲማስ ቀሲስ ገዳማዊ ዘኮነ ስምዓ በገድሎሙ ወበምግባሮሙ ዘመንክር፡ ወእምድኅረዝ ወጻ ቅ.ማቴዎስ ሐዋርያ ወንጌላዊ ኀበ ሀገረ ኢየሩሳሌም ወምድረ ይሁድ ወጻሓፈ ወንጌል በልሳነ ዕብራይስጥ ወእምዝ ውጽአ ኀበ ሀገረ ዘአፍአ ወረከበ ውስተ ሀገር ኣሓዱ ብእሲ ሙቁሐ እንዘ ውእቱ ኮነ ይሔውጾሙ ኣሙቁሐን ወሀሎ ዘይፈድዮ ለእግዝኢሁ ንዋየ ዘወሀቦ ከመ ይንግድ ቦቱ ወይባሕ፡ ወውእቱሰ ወገረ ውስተ ባሕር ወኣጥፍአ ወይቤሎ ቅ-ማቴ- ሐዋርያ ኣውእቱ ብእሲ " ሑር ኀበ መካነ እገሌ ወዘትረክብ ውስቴቱ ንሳእወውሀቦ ለእግዚእከ " ወሖረ ውእቱ ብእሲ ወረከበ ድፍነተ ዘምሉእ ወርቀ ወነስአ ወወሃቦ ልእግዝኢሁ ወድኅነ ወተሰማዓ ዜናሁ ለቅ-ማቴ-ውስተ ትእቲ ሀገር ወብዙሐን አምኑ በክርስቶስ ሊቱ ስብሐት ወሶበ ሰማዓ ዩስጦስ መኮንነ ይእቱ ሀገር ከመብዙሐን ሰብአ አምኑ በኢ-ክርስቶስ ተምዓ ጥቀ ወአዘዘ ይምትሩ ርእሶ ቅድስተ በሰይፈ ለቅ-ማቴ- ወይግሩ ስጋሁ ለአዕዋፍ ወመተሩ ርእሶ ወመጽኡ ሰብአ መሃይምናን ወነሳኡ ስጋሁ ቅድስተ ወኣንበሩዎ ውስተ መካነ ቅዱስ"።

'ውንጌል ማቴዎስ ሓዋርያን ሰማዕትን፡ ሓደ ካብቶም 12 ሓዋርያት።

ድሕሪኡ ኣብ ዓድታት ካህናት ሰበኸ ናብ መንገዲ ኣምላኽ ድማ መለሶም። ናብ ሃገር ካህናት ኪኣቱ ምስ ደለየ፡ ንሓደ መንእሰይ ረኸቦ፡ "ጨግሪ ርእስኻን ጭሕምኻን ከይተላጸኻ፡ ኣብ ኢድካ ድማ ሆሣዕና ከይሓዝካ ናብዛ ከተማ ክትኣቱ ኣይትኽእልን ኢኻ" በሎ። ከምቲ ዝእዘዞ ድማ ገበረ። ሽዑ ወዮ መንእሰይ ካብኡ ተሰወረ እሞ፡ ማቴዎስ ከም ሓደ ካህን ኰኑ ናብቲ ከተማ ኣተወ። ሽዑኡ ብዛዕባ ጣዖታት ሓተቶም እሞ፡ ጣዖታት ኣማልኽቲ ከምዘይኮኑ ኣረዶኦምን ኣብ ቅድሜኦም ከኣ ተኣምራትን ዜደንቕ ነገራት ፈጸመ። ብርሃን ኣብራሃሎም፡ ካብ ሰማይ እንጌራ ወረዶም ወዘተ.
ወዮ ካህን እዚ ምስ ረኣየ፡ "ሽም መልኣኽካስ መን ኢዩ?" "ሽም መልኣኸይሲ ክርስቶስ ኢዩ" በሎ። ሽዑ ወዮ ኣረማዊ ካህን ብክርስቶስ ኣመነ፡ ብዙሕ ሰብ እውን ምስኡ ኣመነ።

ንጉሥ እቲ ሃገር ነዚ ምስ ሰምዐ፡ ብሓዊ ኬንድድዎ ኣዘዘ። እንተኾነ ኣብቲ ጊዜ ወዲ ንጉሥ ሞተ እሞ፡ ማቴዎስ ምስ ጸለየሉ ካብ ሞት ተንሥአ። ሽዑኡ ንጉሥን ሕዝብን እቲ ዓዲ ብኢየሱስ ኣመኑ።

ሽዑኡ ኤጲስቆጶሳትን፡ ካህናትን ሸመሎም፡ ቤተክርስትያን ሃነጸሎም። ካብኡ እናወፈረ ከኣ ነቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ ንኣምላኽ ኪፈልጡ ድማ ይመርሖም ነበረ። እዚ ቅዱስ ናብ ሃገር ኸይዱ፡ ጐይታና ፡ ምስኡ ድማ ነፍሳት 14400 ሕፃናት ናብኣቶም ኪመላለስ ረኣየ። ኵሉ ፈሊጡ ድማ ኣበበዓሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ መላእኽቲን ናብኣቶም ይመጽእ። እዞም ክርስቶስ ዚመጾም ዘሎ ብፁዓን ኣውያን ገዳማዊ ካህን ዘሲማስ ኢዩ፡ ድሕሪኡ'ውን ብሰማዕትነት እኳ ሞይቱ።

ድሕሪዚ ቅ. ማቴዎስ ሓዋርያን ወንጌላውን ናብ ኢየሩሳሌምን ናብ ምድሪ ይሁዳን ወጺኡ፡ ብቋንቋ ዕብራይስጢ ወንጌል ጸሓፈ።

ካብኡ ናብ ወጻኢ ሃገር ከደ'ሞ ሓደ ንጐይትኡ ኪነግደሉን ኪረብሓሉን ኢሉ ሂቡዎ ዝነበረ ሃብቲ ብባሕሪ ኪሳገር እንከሎ ዜጠፍኦ፡ ንኻልኣት እሱራት ዚህውኽ እሱር ረኸበ። ሽዑ ቕ. ማቴዎስ "ናብ ከምዚ ዝመሰለ ቦታ ኪድ እሞ ካብቲ ኣብኡ ትረኽቦ ኣልዒልካ ንጐይታኻ ሃቦ" በሎ። ሽዑኡ ወዮ ሰብ ከደ ወርቂ ዝመልኦ ኵምራ ረኸበ። ወሲዱ ንጐይታኡ ምስ ሃቦ ደኃነ። እዚ ኣብቲ ሃገር ምስተሰምዐ፡ ብዙሓት ብክርስቶስ ኣመኑ። ... ተናደረ ርእሱ ንቕ. ማቴዎስ ኪስዪፍዎን ሥጋኡ ነዕዋፍ ኪህብዎን ኣዘዘ። ከምኡ ድማ ገበሩ። ገሊኦም መሃይምናን መጺኦም ግን ሬሳኡ ወሲዶም ኣብ ቅዱስ ቦታ ቀበርዎ።



ሰላም ለማቴዎስ በደመና ዝተመጥቀ
ኅሩያን ይርአይ ወብፁዓነ ደቂቀ
ወያሴስል እምሰብእ ምንዳቤ ወጻሕቀ
በስልጣነ ቃሉ ኣዘዘ ማዕምቀ
ከመ ያውጽእ ዘልጠመ ወርቀ።

ኅሩያን ኪርእን ንዕድለኛታት ሕጻናት ኪረብሕን፡
ብብርታዔ ቃሉ ኣብ መዓሙቕ ዝጠሓለ ወርቂ ኬውጽኡዎ
ንዝኣዘዘ
ናብ ደመና ንዝነጠቐ ማቴዎስ፡
ሰላምታ ነቕርብ።

## ፩ ማቴዎስ ወንጌል ከምዝጸሓፈ

ብትውፊት፡ ቀዳማይ ወንጌል ብማቴዎስ - ሓደ ካብቶም 12 ሓዋርያት - ከምዝተጻሕፈ ኢዩ ዚቀርብ። ካብቶም ነዚ ዚምስክሩልና ቀዳሞት ሊቃውንቲ ቤተክርስቲያን እዞም ዚስዕቡ እውን ኣለዉ፥

ሀ/ **ፓፕያስ ጳጳስ (አቡን) ሄራቡሊስ** (125 - 150ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ዝተጻሕፈ) ከምዚ ይብል "*ማቴዎስ ብአርማይስጢ ጐ-ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዛረቦ ቃላት ጸሓፈ። ድሕሪኡ ድማ ብዙሓት ከከምዝመሰሎም ተርጒሙዎ*'።

ለ/ **ቅ. ሄረኔዎስ**፡ (342-420 ድ.ል.ክ.) "*ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ኣብ ሮማ ኪሰብኩን መሠረተ ቤተ ክርስትይስን ኪጀምሩን እንከለዉ፥ ካብ ዕብራውያን ማቴዎስ ብቛንቋኦም ወንጊርል ጸሓፈ*" ብምባሉ ዝተጻሕፈሉ ቛንቋን እዋንን የመልከተልና።

ሐ/ **ጥርጥልያኖስ**'ውን (160 - 222 ድ.ል.ክ.) "*ካብ ሓዋርያት ዮሓንስን ማቴዎስን ሃይማኖትና ኪምህሩና እንከለዉ ካብ ኣርድእቲ ከኣ ሉቃስ ማርቆስን ሃይማኖትና የጽንዑልና*" እናበለ ኣርባዕቲኦም ወንጌላውያን የመልክተልና።

መ/ **ኣውሪጌን** ሓሳብ ቅ. ሄረኔዎስ ብምድጋፍ፡ "*ማቴዎስ መጸብሐዊ ሐዋርያ ድሕሪ ምኳን ንዕብራውያን ወንጌል ብዕብራይስጥ ጸሓፈ። ብመጀመርያ ወንጌል ማቴዎስ ተጻሕፈ*" ይብል።